# ሰሓቕ ጥዕና ካብ ኮነ እስከ ክንዛነ 6ይ ክፋል

## ወይዘሮ ኣይግደን

ወይዘሮ ኣይግደን በዓል ቤተን ኣቶ ቑሱን ሕብስቲ (ባኒ) ክዕድጉ ኢሎም ምስ ወጹ ከይተመልሱ ተረፉ።ድሕሪ ናይ ሰለስተ መዓልታት ትጽቢት ናብ መደበር ፖሊስ ኣመልኪተን።በዓል ቤተይ ብህጹጽ ረኺብኩም ተምጽኡለይ እንተዘየሎ ዝገብሮ ኣሎኒ ክብላ ብትሪ ኣጠንቀቓ።ተረኛ ፖሊስ ብኩነታተን ድሕሪ ምግራም ምልክታኽን ተቐቢልናዮ ኣሎና ዝከኣለና ክንገብር ኢና ምስ ዘይንረኽቦምከ እንታይ ኢኽን ክትገብራ ኢሉ ምስ ሓተተን ኣዴኻ ባዕለይ ከይደ ባኒ ይዕድግ እምበር እንታይ ክገብር ደኣ በላ ይበሃል።

## ምስጋና ኣልቦ

ሓደ መንእሰይ ናይ ኣልኮላዊ መስተ ግዙእ ብምንባሩ ገንዘብ ዝኣኽለ ይኣኽሎ ኣይነበረን ሕሉፍ ሓሊፉ ተለቂሕካ ምስታይ ለሚዱ እንተኾነ ግን ተለቒሑ ምምላስ እዉን ስለ ዘይከኣለ ልቓሕ ሓቲቱ ዘለቐሖ እዉን ዋላ ሓደ ክረክብ ኣይከኣለን፡ሓደ መዓልቲ ቀያሕ ሳንቲም ስኢኑ መሬት ዑንቂ ኮነቶ፡ ድሕሪ ክንደይ ሓሳብ እግዝኣብሐር ኩሉ'ዩ ዝከኣሎ ስለ'ዚ 100 ናቕፋ ስደደለይ ኢለ ደብዳቤ ዘይጽሕፈሉ ኣይከልኣንን እዩ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ እዞም ኣብ ፖስት ዝሰርሑ ሰባት እሙናትን ዘይእሙናትን ምኻኖም የረጋግጽ፡ካብ'ዚ ነቒሉ ናብ እግዝኣብሐር ደብዳቤ ጽሒፉ ናብ ፖስት የእተዋ።ናይ ፖስት ሰራሕተኛታት ናብ እግዝኣብሐር እትብል ደብዳቤ ንመጀመርያ ብሙኻና ገረሞም ከፈቶም ከንብብዋ ድማ ተሰማምዑ።ክፍት እንተበሉ ልዑል እግዝኣብሐር ኩሉ ዝከኣሎ ሳንቲም ቀያሕ ስኢነ ተጨኒቐ ስለ ዘለኹ 100 ናቕፋ ክትሰደለይ እልምነካ ዝብል ጽሑፍ፡ ሰራሕተኛታ ፖስት ብኩነታት ኣዝዮም ብምግራምን ብምድንጋጽን 99 ናቕፋ ኣዋጺኦም ብፖስት ሰደድሉ። መንእሰይ ፖስት በጺሕዎ ርእይ ተበለ 99 ናቕፋ።

ኦ እግዝኣብሐር ጎይታይ 100 ናቕፋየ ኢለካ ነይረ ብዝኾነ ግን 99 ናቕፋ በጺሑኒ ኣሎ፡ እታ ጎዲላ ዘላ ሓንቲ ናቕፋ ግን ብርግጽ ሰራሕተኛታት ፖስት እዮም ሰሪቖማ ዘለዉ ደሓን ኣይትሓዘሎም በደሎም ይቕረ በለሎም ክብል መልሲ ደብዳቤ ጸሓፈ።

## ደማሙ'የን ዋርድያ ዝሓድራ

ሓደ ሽማግለ ሰብኣይ ብእግሮም ዘወር እናበሉ ኣብ ሓደ ቤት መሸጣ ምቁር ሕብስቲ (ፓስቲቸርያ) ብዓይነቱን ብመቐረቱን ዘተኣማምን ምቁር ሕብስቲ ጣዕሙ ብብዙሓት ዓማዊልና ኣድናቖት ዘትረፈ ብምኽንያት በዓል ልደት ዓቢ ናይ ዋጋ ምጉዳል ጌርና ስለ ዘሎና ሃየ ከይተወደአ ተቀዳደሙ ብጽሑፍ ኣንቢቦም ብመግሉሕ ድምጺ ናይ መወዓዊዒ ሓበረታ ሰሚዖም ናብ'ዛ ቤት ሕብስቲ እትዉ ይብሉ።ንኩሉ ትሕዝቶታት ዘይሮም ድሕሪ ምዕዛብ ንዋና ትካል ጸዊዖም ምቁር ሕብስትኹም ብማዕዶ ትርኢቱ ንዓይንኻ ዝመልእ ሃገግታ ሸትኡ ንክትበልዖ ዘወናዉን እዩ፡እንተኾነ ግን ገሊኡስ ኣናጹ ዝቆርመማሉ'ዩ ዝመስል በልዎ።ዋና ትካል ሰገጥ ከይበለ ኣቦ ብጽፈትና ኣይትጠራጠሩ ፈዉሲ ኣናጹ ኢልና ትክሽ ዘይብሉ ሓያላት ደማሙ ኢና ዋርድያ ነሕድረሉ በዝስ ቅሰኑ በሎ ይበሃል።

**ይቕጽል!**

ሰሓቕ ካብ ተረድኦን ዉሽጣዊ ስምዒትን ይምንጩ!
ዓንደመስቀል ክንፈ (ኤስሊንገን ጀርመን)